## ፻፶፱ ክንራኸብዶ ኣብ ሩባ 159

### Shall We Gather at the River
S Y 152

፩ ፡ ክንራኸብዶ ኣብ ሩባ
መላእኽቲ ዝረገጽዎ
ከም ክሪስታል ምጽራዩ ሩባ
ካብ ዙፋን ኣቦ ዚውሕዝ ።

እወ ክንራኸብ ኢና
ኣብቲ ጽቡቕ ኣብቲ ጽቡቕ ማይ ህይወት
ምስ ቅዱሳን ኣብቲ ገምገም
ካብ ዙፋን ኣቦ ዚውሕዝ ።

፪ ፡ ኣብ ገምገም ሩባ ማይ ህይወት
ጽቡቕ ብሩራዊ ጽሬት
ኣብኡ ክንሰግደሉ ኢና
ምስኡ ህይወትና ብደስታ ።

፫ ፡ ቅድሚቲ ምብጻሕና ኣብኡ
ኵሉ ጾርና ነውድቕ ተሎ
ምስኡ ጸጋ ይህበና
ኣኽሊል ዓወትውን ንቕበል ።

፬ ፡ ቀልጢፍና ክንበጽሕ ኢና
ጕዕዝና ቀልጢፉ'ውዳእ
ሽው ልብና ይሕጐስ
ብበላማዊ መዝሙር ።

፸፱ ፡ ትሕቲ አኽናፉ'ንብር ተዓቍብ ገለ

## Under His Wings
## C. H. 587

፩ ፡ ትሕቲ አኽናፉ'ንብር ተዓቍብ
ጸልማትን ማዕበልን'ተመጽኒ
እፈልጥ እየ ከም ዝሕልወኒ
ውሉዱ እየ ተበጅዩኒ ።

ትሕቲ ኽናፉ ትሕቲ ኽናፉ
መንዩ ካብኡ ዚፈሊ
ትሕቲ ኽናፉ ክነብር እየ
ንዘለዓለም ምስ ጐይታ ።

፪ ፡ ትሕቲ ኽናፉ ንጓሀየይ ይኽድና
ልበይ ኣብኡ ዕረፍቲ ትረክብ
ዓለም ምፍዋስ ምስ ሰኣነትኒ
ኣብኡ ዓሪፈ ሓጐስ ረኺበ ።

፫ ፡ ትሕቲ ኽናፉ ከመይ ዘለ ደስታ
ብፈተና ኣብኡ ክሐባእ'የ
ተዓቍብ ክሳዕ ኣይትርድኣንን
ኣብ የሱስ ዓሪፈ ንዘለዓለም ።

## ፶፪ ፡ ኣብቲ ርሑቕ ኵርባ መስቀሉ ነበረ 52

### On a Hill Far Away

### C. H. 533

፩ ፡ ኣብ ርሑቕ ኩርባ መስቀሉ ነበረ
ምልክት ውርደትን ቃንዛን
ኣነ'ውን ነቲ መስቀሉ እፈትዎ'የ
ጾር ሓጢኣት ሰብ ዝጾረ ።
ስለ'ዚ እፈትዎ መስቀሉ
ክሳዕቲ ድሞእይ ዚህብ
ኣብቲ ኣረጊት መስቀሉ'ድጋዕ
ሓደ እዋን እልውጦ ነኽሊል ።

፪ ፡ ኣየ'ቲ ብዓለም እተናዕቀ መስቀል
ንዓይ ግሩም ድንቂ እዩ
ገንሸል ኣምላኽ ላዕላይ ክብሩ ሓዲጉ'ዩ
ናብ ቀራንዮ ተሸከሞ ።

፫ ፡ ኣብቲ ብደም እተጸየቐ መስቀሉ
ክብሩ ንምርኣይ ለኽእል
ኣብ'ቲ መስቀል'ቲ'ዩ የሱስ ዝሞተለይ
ምእንቲ ኪቕድሰኒ ።

፬ ፡ ነቲ ኣረጊት መስቀል ብእምነት'ሳዕብ
ውርደቱ ሕፍረት ለጸውር
ሓደ እዋን ናብ ቤት ኪጽውዓኒ
ዘለዓለም ክኽብር'የ ።

# ሐጺር ታሪኽ ህይወት ብንያም ዓንደብርሃን

ሓውናን ኣቦናን ወድናን ብኒያም ዓንደብርሃን ካብ ኣብኡ ንፍስሄር ፓስተር ዓንደብርሃን ማና ካብ ኣዲኡ ነፍስሄር ወይዘሮ እልልታ ተወልደብርሃን ኣብ ከተማ ኣስመራ ጥሪ 1, 1960 ተወልደ። ብኒያም ዕድሚኡ ንትምህርቲ ምስ ኣኻለ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻሙናይ ክፍሊ ኣብ ሰቨን ደይ ኣድቨንቲስት፡ ናይ ካልኣ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ቀሃስ ሕጂ ቀይሕ ባሕሪ ወዲኡ ። ብኒያም ኣብዛ ዓለም ኩሉ ብፍቓድን ትእዛዝን እግዚኣብሔር ተመሪሑ ሂወቱ ይመርሕ ነበረ ፡ ግን ውሳኔ ናይ ጌታ ስለ ዝኾነ ሓውና ብኒያም ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈሊዩና ።

ብንያም ካብ ሸውዓተ ደቆም መበል ራብዓይ ክውለድ እንከሎ ኣብ መንጎ ቤተሰብ ይኹን ኣብ መንጎ ፈተውቱ ተጻዋታይ ቁምነገኛ ሰብ ነይሩ፡ ብንያም ብጥዑም ባህሪያቱ ንልቢ ብዙሓት ዘሕጉስ ሰብ፡ ኩሉ ግዜ ፍሽክታ ዘይፍለዮ፡ ለዋህ ፈቃር ሓላይ ሰብ ነይሩ።

ብሰንኪ እቲ መሪር መግዛእቲ ኣብ ሃገርን ብንያም ከም መብዛሕትኡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሰዊት ዕድሚኡ ካብ ወለዱን ፈተውቱን ተፈልዩ ካብ ኣስመራ ናብ ቤይሩት ንስደት ጀመረ፡ ካብዚ ብምቕጻል ብንያም ካብ ቤይሩት ናብ ኣመሪካ ዋላዋላ እትበሃል ንእሽቶ ከተማ ኣብ ዋሽንግቶን ኣተወ፡ ካብዚ ብምቕጻል ናብታ ናይ መወድእታ መዕረፊኡ ዝኾነት ከተማ ኣብ ፖርትላድ ኦሪጎን ናብርኡ ኣጣጢሑ ክነብር ጀመረ፡ ብንያም ድሕሪ መነባብርኡ ምጥጣሕ ምስ ክብርቲ በዓልቲ ቤቱ ሳባ ዮውሃንስ ብፍቕርን ሰሓቕን ዝተመልኣ ምውቕ ሓዳር እንዳሕለፉ ሓውና ብንያም ኣብዚ ዝሓለፈ ውሑዳት ኣዋርሕ ብዘጋጠሞ ሕማም ኣብ ለጋሲ ኣማኑኤል ሆስፒታል ክእለ ድሕሪ ምጽንሑ ብወርሒ የካቲት 6, 2026 ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ፡ ብንያም ብባህሪኡ ርህሩህን ፈቃርን ከምኡእውን ኣዝዩ ሓላይን ሓው ብምንባርይ ንኩሎም ደቂ የሕዋቱ ብዓይኒ ኩርዓትን ክብርን ዕድሚኦም የስተማቕሮ ነይሩ።

ብንያም ብፍሽክትኡን ስሓቑን ዕላሉን ሓደ ካብቶም ፍልይ ዝበለ ናይ ኣምላኽ ህያብ ዝተዋህቦ ኣብ ንሱ ዝርከበሉ ቦታን ግዜን ነቲ ከባቢኡ ብሓጎስን ስሓቕን ዝተመልኣ ነበረ፡ ምስ ብንያም ምውዓል ማለት ሓጎስ ተስፋን ዝመልኦ ኮይኑ ብዘይ ብኡ ግን እቲ ኩሉ ፍቕርን ፍቶትን ሰለ ዝጎድለና ብምጉዳሉ ብዙሕ ሓዘን ይስመዓና፡ ግንኸ ምንም እኳ ብንያም ብሞት ካባና እንተ ተፈለየ ናይ ብንያም ተዘክሮ ኣብ ልብና ስለዝሃነጾ ናቱ ታሪኽን ናቱ ስሓቕን ዕላልን ንዘልኣለም ኣብ ህይወትና ሰሪጽዎም እዩ።

ብንያም ብኹሎም ኣሕዋቱን ደቂ ኣሕዋቱን ፈተውቱን ተኸቢቡ ከሎ ካባና ብምፍላዩ ብዙሕ ሓዘን እንዳተሰመዓና እዩ እሞ ክቡር ጌታ እየሱስ ብየማናይ ኢዱ ተቐቢሉ ኣብ ገነት ከስፍሮ ንምነየሉ።

